# ዝተናውሐ መስርሕ ዕቑባ

**እዚ ሓበሬታዊ-ጽሑፍ ንምንታይ ይወሃበኩም ኣሎ?**
ንስኹም ኣብ ኔዘርላንድ ዕቑባ ሓቲትኩም ኣለኹም። IND ናይ ዕቑባ መንበሪ ፍቓድ ንምርካብ፣ ነቲኦም ቅድመ-ኩነታት ተማልኡ ምዃንኩምን ዘይምዃንኩምን ይግምግም። እቲ ሓፈሻዊ መስርሕ ዕቑባ መብዛሕትኡ ግዜ 6 ወይ 9 መዓልትታት ይወስድ። ኣብ ናትኩም ጉዳይ፣ IND መርመራ ንኽገብር ተወሳኺ ግዜ የድልዮ እዩ። በዚ ምኽንያት IND ነቲ ዕቑባ ንምርካብ ዘቕረብኩሞ ሕቶ ኣብቲ ዝተናውሐ መስርሕ ዕቑባ የመስርሖ። ኣብዚ ሓበሬታዊ-ጽሑፍ፣ ኣብ እዋን እቲ ዝተናውሐ መስርሕ ዕቑባ እንታይ ከምዘጋጥም ከተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም።

# መስርሕ ዕቑባ

ንስኹም ብዛዕባ መንነትኩምን መንገዲ ጉዕዞኹምን ብዝምልከት፣ ድሮ ምስ IND ዝርርባት ገይርኩም ኣለኹም። ኣብዚኦም ዝርርባት ምናልባት ብዛዕባ ካብ መበቆል ሃገርኩም ዝወጻእኩምሉ ምኽንያት እውን ምስ IND ተዘራሪብኩም ትኾኑ ኢኹም። እንተድኣ IND ንዓኹም ክሓተኩም ዝደልዮ ተወሰኺ ሕቶታት ዘይብሉ ኮይኑ፣ ኣብ እዋን እቲ ዝተናውሐ መስርሕ ዕቑባ ናብ ቤት-ጽሕፈት ናይ IND ምኻድ ኣየድልየኩምን እዩ። እንተድኣ ምስ IND ካልኣይ ቃለ-መሕትት ዘይገብርኩም ኮይንኩም ወይ IND ተወሰኺ ሕቶታት ክሓተኩም ምስዝደልይ፣ ተወሰኺ ዝርርብ ንምግባር ምሳኹም ርክብ ክገብሩ እዮም። ኣብ እዋን ዝተናውሐ መስርሕ ዕቑባ እውን፣ ብነጻ ናይ ጠበቓ ሓገዝ ክትረኽቡ ኢኹም። እቲ ዘመልከትኩሞ ዕቑባ ኣብ ዝግምገመሉ እዋን፣ ኣብ ኔዘርላንድ ኮይንኩም ክትጽበዩ ይፍቐደልኩም እዩ። ክሳብ ሽዑ ኣብ መዕቆቢ ቦታ ናይ COA ክትጸንሑ ኢኹም። ናብ ዝተናውሐ መስርሕ ዕቑባ ክትከዱ ዲኹም? ምናልባት ናብ ካልእ መዕቆቢ ቦታ ክትግዕዙ ተኽእሎ ኣሎ።

**ቀዳማይ ውሳኔ**

ውጽኢት ናይቲ መርመራ ዝሓዘ ደብዳቤ ካብ IND ክትቕበሉ ኢኹም። 2 ተኽእሎታት ኣለዉ፡

1. ናይ ዕቑባ መንበሪ ፍቓድ ንምርካብ፣ ነቲኦም ቅድመ-ኩነታት ተማሊኡ ኢኹም። ንስኹም (ብመንገዲ ጠበቓኹም) ናይ ዕቑባ ሕቶኹም ተቐባልነት ከምዝረኸበ ዝገልጽ ደብዳቤ ካብ IND (= ውሳኔ) ትቕበሉ። ንዓኹም ኣብ ኔዘርላንድ (ንግዜኡ) ክትነብሩ ይፍቐደልኩም። እዚ ንዓኹም እንታይ ሳዕቤናት ከምዘለዎ ጠበቓኹም ክገልጸልኩም እዩ።
2. IND፣ ንስኹም ናይ ዕቑባ መንበሪ ፍቓድ ንምርካብ ነቲኦም ቅድመ-ኩነታት ከምዘይተማልኡ ገምጊሙ። ኣብቲ ካብ IND ዝተቐበልኩሞ ደብዳቤ፣ IND ነቲ ዘመልከትኩሞ ዕቑባ ንኽነጽጎ መደብ ከምዘለዎ ተጠቒሱ ይርከብ። እዚ ደብዳቤ ዝተሓሰበ-ውሳኔ ይበሃል። ኣብዚ ደብዳቤ ምኽንያታት ናይቲ ምንጻግን፣ እዚ ንዓኹም እንታይ ሳዕቤናት ከምዘለዎን እውን ተጠቒሱ ይርከብ። ጠበቓኹም ብዛዕባ እዚ ደብዳቤ ምሳኹም ክመያየጡ እዮ።

**ግብረ-መልሲ ናይ ውሳኔ፡ ርእይቶ**

እንተድኣ IND ነቲ ዘመልከትኩሞ ዕቑባ ንኽነጽጎ መደብ ኣለዎ ኮይኑ፣ ብዛዕባ እዚ ዝተሓሰበ-ውሳኔ ምስ ጠበቓኹም ትዘራረብሉ። ብድሕሪኡ ጠበቓኹም ብጽሑፍ ግብረ-መልሲ ናብ IND ክልእኽ ይኽእል እዩ። እዚ ርእይቶ እዩ። እዚ ንስኹም ምስ ጠበቓኹም ብሓባር ብምዃን፣ ብዛዕባ እቲ ክውሰድ ዝተሓሰበ ውሳኔ ናይ IND ወግዓዊ መልሲ እትህብሉ ደብዳቤ እዩ። ኣብዚ ደብዳቤ ንምንታይ ምስቲ ክውሰድ ዝተሓሰበ ውሳኔ ዘይተሰማምዑ ምዃንኩም ክትነግሩ ትኽእሉ።

**ውሳኔ**

ነቲ ርእይቶ ድሕሪ ምንባብ፣ IND ነቲ ክውሰድ ዝተሓሰበ ውሳኔ ክስተኻከል ዘለዎ ምዃኑን ዘይምዃኑን ይግምግም። ውጽኢት ናይዚ ግምገማ፣ ናይ ዕቑባ መስርሕኩም ብኸመይ ከምዝቕጽል እንደገና ይውስን። IND፣ ንውጽኢት ናይዚ ገምጋም ብመንገዲ ደብዳቤ ንጠበቓኹም ይሕብሮ። እዚ ንዓኹም እንታይ ሳዕቤናት ከምዘለዎ ጠበቓኹም ክገልጸልኩም እዩ። 2 ተኽእሎታት ኣለዉ፡

1. ነቲ ናትኩም ርእይቶ ድሕሪ ምንባብ፣ IND ንስኹም ናይ ዕቑባ መንበሪ ፍቓድ ንምርካብ ነቲኦም ቅድመ-ኩነታት ከም እተማልኡ ክግምግም ይኽእል። ንስኹም (ብመንገዲ ጠበቓኹም) ናይ ዕቑባ ሕቶኹም ተቐባልነት ከምዝረኸበ ዝገልጽ ደብዳቤ (= ውሳኔ)፣ ካብ IND ትቕበሉ። ንዓኹም ኣብ ኔዘርላንድ (ንግዜኡ) ክትነብሩ ይፍቐደልኩም። እዚ ንዓኹም እንታይ ሳዕቤናት ከምዘለዎ ጠበቓኹም ክገልጸልኩም እዩ።
2. IND፣ ንስኹም ናይ ዕቑባ መንበሪ ፍቓድ ንምርካብ ነቲኦም ቅድመ-ኩነታት ከምዘይተማልኡ ኣብ ርእይቶኡ ክጸንዕ ይኽእል። ንስኹም (ብመንገዲ ጠበቓኹም) ናይ ዕቑባ ሕቶኹም ከምዝተነጽገ ዝገልጽ ደብዳቤ (= ውሳኔ)፣ ካብ IND ትቕበሉ። ኣብዚ ውሳኔ ምኽንያታት ናይዚ ምንጻግን፣ እዚ ንዓኹም እንታይ ሳዕቤናት ከምዘለዎን እውን ተጠቒሱ ይርከብ። ንስኹም ንኣብነት ኣብ ኔዘርላንድ ምንባር ክትቕጽሉ ኣይፍቐደልኩምን፣ ከምኡ እውን ናብ ሃገርኩም ክትምለሱ ኣለኩም። ምስቲ ምንጻግ ዘይትሰማምዑ እንተድኣ ኮይንኩም እንታይ ክትገብሩ ከም እትኽእሉ እውን ኣብኡ ተጠቒሱ ይርከብ። ናብ ሃገርኩም ንምምላስ እንታይ ክትገብሩ ከም እትኽእሉ እውን ተጠቒሱ ይርከብ። ጠበቓኹም ብዛዕባ እቲ ውሳኔ ብዝምልከት ምሳኹም ይዘራረበሉ።

## ድሕሪ መስርሕ ዕቑባ

### መንበሪ ፍቓድ ኽትቅበሉ ኢኹም

እንተድኣ IND ነቲ ዘመልከትኩሞ ዕቑባ ብምቕባል ኣጽዲቕዎ፣ ኣብ ኔዘርላንድ (ንግዚኡ) ክትነብሩ ትኽእሉ ኢኹም። መንበሪ ፍቓድ ይወሃበኩም፣ ንክትሰርሑ ይፍቐደልኩም፣ ከምኡ እውን ኣባላት ስድራኹም ከተምጽኡ ተኽእሎ ክህልወኩም ይኽእል። ብተወሳኺ COA ገዛ ኣብ ምድላይ ይሕግዘኩም። ኣብቲ ምስ COA እትገብርዎ ዝርርብ፣ ብዛዕባ መንበሪ ቤትኩም ዝምልከት ኣገዳሲ ሓበሬታ ይንጸር። በዚ መሰረት ምስ ሓደ ኣብ ኔዘርላንድ ዝርከብ ምምሕዳር ከተማ ከም እትጋጠሙ ድማ ይግበር። ብምቕጻል እቲ ምምሕዳር ከተማ ንዓኹም ዝሰማማዕ ገዛ ይደልየልኩም። እዚ ኣቕርቦት ናይ መንበሪ ቤት 1 ግዜ ጥራይ እዩ ዝግበረልኩም፣ ከምኡ እውን ክትቕበልዎ ኣለኩም። ክሳብ ናይ ገዛእርእስኹም መንበሪ ቤት ዝህልወኩም፣ ኣብ ማእከል መዕቆቢ ናይ COA ክትጸንሑ ትኽእሉ ኢኹም። ናይ ዕቑባ ሕቶኹም ቅቡል ምስ ኮነ፣ IND ብዛዕባ መሰላትኩም ይሕብረኩም፣ እቶም ዝተረፉ ኣባላት ስድራኹም ምምጻእ ዘጠቓልል፣ ከምኡ እውን ሕቶ ዕቑባኹም ድሕሪ ምጽዳቑ ብዛዕባ ዘለዉኹም ግዴታታት ይሕብረኩም። ሰራሕተኛታት ናይ VluchtelingenWerk (VWN)፣ ምስ ሕብረተሰብ ናይ ኔዘርላንድ ንኽትወሃሃዱን፣ ኣብ እዋን መስርሕ ምጥርናፍ ስድራ-ቤትን ክሕግዙኹም ይኽእሉ እዮም። ኣብ ዝተፈላለዩ ውድባት መንገድኹም ንኽትረኽቡ ይሕግዙኹም፣ ንኣብነት ትምህርቲ ወይ ስራሕ ኣብ ምርካብ ይሕግዙኹም።

### መንበሪ ፍቓድ ኣይክትቅበሉን ኢኹም

እንተድኣ IND ነቲ ዘመልከትኩሞ ዕቑባ ነጺግዎ፣ ኣንጻር እዚ ውሳኔ ምስ ጠበቓኹም ብምምይያጥ ናብ ናይ ኔዘርላንድ ቤት-ፍርዲ ይግባይ ክትብሉ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ማለት፣ ምስቲ ውሳኔ ናይ IND ዘይትሰማምዑ ምኽንኩም ብወግዒ ንቤት-ፍርዲ ትሕብሩ ማለት እዩ። ብድሕሪኡ IND ንዝመልከትኩሞ ዕቑባ ኣብ ዝወሰነሉ ግዜ፣ ንሕጊ ኔዘርላንድ ብግቡእ ተኸቲሉ ምኺኑን ዘይምኺኑን እቲ ዳኛ ቤት-ፍርዲ ክምርምሮ እዩ። ንውሳኔ ናይ ቤት-ፍርዲ፣ ኣብ ዝተወሰኑ ኩነታት ኣብ ኔዘርላንድ ኮይንኩም ክትጽበዩ ይቐደልኩምን እዩ። ኣብ ካልኦት ኩነታት ኣብ እዋን እቲ መስርሕ ይግባይ ኣብ ኔዘርላንድ ክትጸንሑ ዝፍቐደልኩም ምኺኑን ዘይምኺኑን ንቤት-ፍርዲ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። ብዛዕባ እዚ ጠበቓኹም ክሕግዘኩም እዩ።

እንተድኣ IND ነቲ ዘመልከትኩሞ ዕቑባ ነጺግዎ፣ መብዛሕትኡ ግዜ ናብ ካልእ ማእከል መዕቆቢ ስደተኛታት ትውሰዱ። ኣብዚ ናብ መበቆል ሃገርኩም ንኽትምለሱ ምድላዋት ትገብሩ። ኣብቲ ውሳኔ ናይ IND፣ ንስኹም ኣብ ውሽጢ ኣየናይ ገደብ-ግዜ ካብ ኔዘርላንድ ክትወጽኡ ከምዘለኩም ተጠቒሱ ይርከብ። እዚ መብዛሕትኡ ግዜ 28 መዓልታት እዩ። እዚ ገደብ-ግዜ ምስተወድኣ፣ ናይ መዕቆቢ መሰል የብልኩምን። ስለዚ ድሕሪ ደጊም ኣብ ማእከል መዕቆቢ ስደተኛታት ንኽትነብሩ ኣይፍቐደልኩምን እዩ።

ናብ መበቆል ሃገርኩም ንኽትምለሱ ናትኩም ሓላፍነት እዩ። Dienst Terugkeer en Vertrek DT&V ንጉዕዞኹም ኣብ ምድላው ክሕግዘኩም ይኽእል እዩ። ስለዚ ድማ እዩ DT&V፣ እቲ ዘመልከትኩሞ ዕቑባ ድሕሪ ምንጻጉ ምሳኹም ርክብ ዝገብር። ኣብ ውሽጢ እቲ ዝተወሰነ ግዜ ገዛእ-ርእስኹም ክኢልኩም ብወለንታኹም እንተድኣ ዘይተበገስኩም፣ DT&V ካብ ኔዘርላንድ ንኽትወጽኡ ዘገድደኩም ስጉምትታት ክወስድ ይኽእል እዩ። ብዛዕባ ምምላስ ምስ DT&V ኣቐዲምኩም ክትዘራረቡ ትድልዩ ዲኹም? ከምኡ ምስ ዝኸውን ጠበቓኹም ወይ COA ምስ DT&V ከራኽበኩም ይኽእል እዩ። ወይ ድማ ናብ ilc@dtv.minvenj.nl ኢ-መይል ብምልኣኽ ባዕልኹም ርክብ ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም።

እንተድኣ ብወለንታ ናብ መበቆል ሃገርኩም ክትምለሱ ደሊኹም፣ ምስ DT&V ወይ ኣህጉራዊ ማሕበር ስደተኛታት (Internationale Organisatie voor Migratie IOM) ርክብ ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም። ብኸመይ ኣብ መርበባት-ሓበሬታታቶም ተጠቒሱ ይርከብ። ኣብኡ ብዛዕባ ምምላስ፣ ከምኡ እውን እንታይ ዓይነት ደገፍ (መሰረታዊ ናይ ምብጋስ ደገፍ ን/ወይ ናይ ዳግመ-ውህደት ደገፍ) ክትረኽቡ ከም እትኽእሉ እውን ሓበሬታ ከተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም። ንሳቶም ተግባራዊ ዝኾነ ሓበሬታ ክህብኹምን ኣብ ጉዕዞኹም ክሕግዘኩምን ይኽእሉ እዮም። ኣብቲ ናይ COA መዕቆቢ ቦታ ናብ IOM ክትከዱ ትኽእሉ ኢኹም። ብዛዕባ ክህሉው ዝኽእል ምምላስን ደገፍን ሕቶታት ምስ ዝህልወኩም፣ ንVWN እውን ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።

ድሕሪ መስርሕ ዕቑባ እውን ደገፍን ሓበሬታን ንምርካብ ናብ VWN ከምኡ እውን ካልኦት ውድባት ክትከዱ ትኽእሉ ኢኹም።

**VluchtelingenWerk Nederland** (VWN) ገለልተኛ ማለት ነጻ ናይ ሰብኣዊ መሰላት ማሕበር እዩ፣ ከምኡ እውን ንረብሓታት ናይ ሓተትቲ ዕቑባ ንምርግጋጽ ዝቖመ እዩ። VWN ነዚ መስርሕ ኣብ እተካይድሉ እዋን ብዛዕባ እቲ መስርሕ ዕቑባ ዝምልከት ብውልቂ ሓበሬታ ይህበኩምን ይሕግዘኩምን፣ ምስ ካልኦት ውድባት ጸገማት ኣብ ዘጋጥመኩም እዋን ከም መንጎኛ ይድግፈኩምን። ከምኡ እውን ኣብዚ መዳይ እዚ ምስ ጠበቓኹም ብቐረባ ይሰርሕ። VWN ብዛዕባ እቲ ዘመልከትኩሞ ዕቑባ ኣይውስንን እዩ።
www.vluchtelingenwerk.nl
www.refugeehelp.nl

**Dienst Terugkeer en Vertrek** (DT&V) ክፋል ናይ ኔዘርላንድ ሚኒስትሪ ፍትሕን ጸጥታን ኮይኑ፣ ንናይ ኔዘርላንድ ናይ ምምላስ ፖሊሲ ንምፍጻም ሓላፍነት ኣለዎ። እንተድኣ እቲ ዘመልከትኩሞ ዕቑባ ብIND ተነጺጉ፣ DT&V ብዛዕባ ናብ መበቆል ሃገርኩም ምምላስ ዝምልከት ዝርርብ ምሳኹም ከካይድ እዩ።
www.dienstterugkeerenvertrek.nl

**Internationale Organisatie voor Migratie** (IOM) ኣብ ምሉእ ዓለም ንዝርከቡስደተኛታት ዝሕግዝ ገለልተኛ ውድብ እዩ። ባዕልኹም ንኔዘርላንድ ሓዲግኩሞ ክትከዱ ምስ እትደልዩ፣ IOM ክሕግዘኩም ይኽእል እዩ። IOM ብዛዕባ ምምላስን ዳግመ-ውህደትን ብዝምልከት ተግባራዊ ሓበሬታ ይህበኩምን፣ ከምኡ እውን ካብ ኔዘርላንድ ናይ ምብጋስ ጉዕዞኹም ኣብ ምውዳድ ይመርሓኩምን። ብዛዕባ እዚ ንኽሕግዘኩም ብቐጥታ ምስ IOM፣ DT&V፣ VWN ወይ ጠበቓኹም ርክብ ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም።
www.iom-nederland.nl

## ምምስራሕ ውልቃዊ ሓበሬታታት

ውልቃዊ ሓበሬታታት ብዛዕባኹም ዝምልከቱ ኩሎም ዓይነታት ሓበሬታታት እዮም። ኣብዚ ሓበሬታዊ-ጽሑፍ ዝሳተፉ ውድባት ኣብ ታሕቲ ተጠቒሶም ኣለዉ። እዚኦም ውድባት ኣብ እዋን ናትኩም ምምልካት፣ ምዝገባ ወይ ሕቶ፣ ውልቃዊ ሓበሬታታት የመስርሑ። ንሳቶም ውልቃዊ ሓበሬታታት ንኽትህቡ ይሓትኹም፣ ከምኡ እውን ኣድላይ እንተድኣ ኮይኑ ንኻልኦት ውድባት ወይ ሰባት እውን። እዚኦም ውድባት ንውልቃዊ ሓበሬታታትኩም ይጥቐምሉን ይዕቅብዎን፣ ከምኡ እውን እንተድኣ ብሕጊ ዝግደዱ ኮይኖም ናብ ካልኦት ውድባት የመሓላልፍዎ። ነቶም ውልቃዊ ሓበሬታታትኩም ዘመስርሑ ውድባት ዘለዎም ግዴታታት ብዝምልከት ኣብ ሕጋጋት ብሕትና ተጠቒሶም ኣለዉ። ንኣብነት ንሳቶም ንውልቃዊ ሓበሬታታትኩም ብትኽክልን ብውሑስን ክሕዝዎ ኣለዎም። ኣብ ሕጋጋት ብሕትና መሰላትኩም እውን ተጠቒሶም ይርከቡ። ብዛዕብኡ እንተድኣ ሓቲትኩም፣ ንኣብነት እዘም ዝስዕቡ መሰላት ኣለኩም፡

- ኣብቶም ውድባት ዘለዉ ውልቃዊ ሓበሬታታትኩም ናይ ምርኣይ፤
- ኣየኖት ውድባት ንሓበሬታታትኩም ይጥቐምሉን ንምንታይን ናይ ምፍላጥ፤
- ናብ ኣየኖት ውድባት ውልቃዊ ሓበሬታታኩም ከምዝተመሓላለፈ ናይ ምፍላጥ።

ብዛዕባ ምምስራሕ ውልቃዊ ሓበሬታታትኩምን መሰላትኩምን ብዝምልከት፣ ተወሳኺ ክትፈልጡ ትደልዩ ዲኹም? ስለዚ ኣብ መርበብ-ሓበሬታታት ናይቶም ውድባት ተመልከቱ።

## ብተደጋጋሚ ዝሕተቱ ሕቶታት

**ኣነ ናብቲ IND ዘለኒ ዝርርብ እንተድኣ ዘይከድኩ እንታይ የጋጥም?**
ናብቲ ምስ IND ዘለኩም ቆጸራ ንኽትከዱ ዘይትኽእልሉ ኣጋጣሚ ክህሉው ይኽእል እዩ። እንተኾነ ግን ብዛዕባ እዚ ኣገዳሲ ዝኾነ ምኽንያት ክህልወኩም ኣለዎ። ብዛዕባ እዚ ብመንገዲ ጠበቓኹም ንIND ከተፍልጡ ትኽእሉ ኢኹም። እንተድኣ IND ብርግጽ ብቑዕ ምኽንያት ዘለኩም ኮይኑ ረኺብዎ፣ ሓድሽ ቆጸራ ይግበር። እንተድኣ ካብቲ ምስ IND ዘለኩም ቆጸራ ብዘይ ብቑዕ ምኽንያት ከይመጻእኩም ተሪፍኩም፣ እዚ ነቲ ዘመልከትኩሞ ዕቑባ ሳዕቤናት ክህልዎ ይኽእል እዩ።

**ካብ IND ውሳኔ ንምርካብ ክንደይ ዝኣክል ግዜ ክጽበይ ኣለኒ?**
IND ካብቲ ዕቑባ ንምርካብ ዘመልከትክምሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ክንደይ ኣዋርሕ ክውስን ከም ዘለዎ ኣብ ሕጊ ተጠቒሱ ይርከብ። እዚ ሕጋዊ ናይ ውሳኔ ገደብ-ግዜ እዩ። እቶም ሕጋዊ ናይ ውሳኔ ገደብ-ግዜታት እንታይ ምዃኖም ኣብ www.ind.nl/beslistermijnen ወይ www.ind.nl/en/decision-periods ኣንብቡ። ሓደ ሓደ ግዜ እቲ ናይ ውሳኔ ገደብ-ግዜ ክናዋሕ ይኽእል እዩ። እንተኾነ ግን IND ውሳኔ ንምውሳድ ልዕሊ 21 ኣዋርሕ ክገብር ኣይፍቀደሉን እዩ።ነቲ ናይ ዕቑባ መመልከቲኹም ድሕሪ ምእታውኩም፣ IND ኣብ ውሽጢ 6 ኣዋርሕ ውሳኔ ኣይለኣኸልኩምን ድዩ? ስለዚ ብደብዳቤ ገይርኩም፣ ነቲ ዘመልከትኩሞ ዕቑባ ቀልጢፉ ንኽውስን ንIND ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። ጠበቓኹም ብዛዕባ እዚ ክሕግዘኩም ይኽእል እዩ።

**ነዚ ሓበሬታዊ-ጽሑፍ ድሕሪ ምንባብኩም ገና ሕቶታት ኣለዉኹም ድዮም?**
ዘለዉኹም ሕቶታት ንጠበቓኹም ወይ ንሓደ ኣባል ናይ COA፣ IND ወይ VWN ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።

**ጥርዓን ኣለኩም ድዩ?**
ኩሎም ኣብ መስርሕ ዕቑባ ዝሳተፉ ውድባት፣ ብሞያዊ ውሕልነትን ብትኽክልነትን እዮም ዝሰርሑ። እንተኾነ ግን ብሓደ ውድብ ብግቡእ ኣይተተሓዝኩን ኢልኩም ሓሲብኩም ዲኹም? ስለዚ ጥርዓን ከተእትዉ ትኽእሉ ኢኹም። ጠበቓኹም ወይ VWN ብዛዕባ እዚ ክሕግዘኩም ይኽእል እዩ።

እዚ ሕታም ሓባራዊ ሕታም ናይዞም ዝስዕቡ እዩ፡
Afdeling Vreemdelingenpolitie, Identificatie en Mensenhandel (AVIM)
NIDOS
Dienst Justitiële Inrichtingen (DJI)
Centraal Orgaan opvang asielzoekers (COA)
Immigratie- en Naturalisatiedienst (IND)
Koninklijke Marechaussee (KMar)
Raad voor Rechtsbijstand (RvR)
VluchtelingenWerk Nederland (VWN)
Internationale Organisatie voor Migratie (IOM)
Dienst Terugkeer en Vertrek (DT&V)

ብዕማም ናይ፣
ሚኒስትሪ ፍትሕን ጸጥታን፣
ክፍሊ ፖሊሲ ፍልሰት
www.rijksoverheid.nl

ካብ ትሕዝቶ ናይዚ ሕታም ዝምንጭው ዝኾነ ይኹን መሰላት ንምርካብ ኣይከኣልን እዩ። እንተድኣ እቲ ትርጉም፣ ፍልልይ ኣተረጓጉማ ናብ ምህላው ኣምሪሑ፣ እቲ ሕታም ቋንቋ ኔዘርላንድ መሪሕ ይኸውን።